KANTON AARGAU

# ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Volksschule) ኣብ ክፍለ-ሃገር Aargau



ሓበሬታታት ንወለዲ (tigrinisch)

**DEPARTEMENT**
**BILDUNG, KULTUR UND SPORT**
Abteilung Volksschule

**ኣሰናዳኢ**

Departement
Bildung, Kultur und Sport
Abteilung Volksschule
Bachstrasse 15
5001 Aarau

Tel. 062 835 21 00

E-Mail: volksschule@ag.ch
www.ag.ch/volksschule

**ስእልታት**

Adobe Stock
Kanton Aargau

**Copyright**

© 2022 Kanton Aargau

# ዝኸበርኩም ወለዲ

ኣብዚ መንሹር'ዚ ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ህዝባዊ ስርዓተ ቤት-ትምህርቲ ናይ ክፍለ-ሃገር ኣርጋው(Aargau) ክትወሃቡ ኢኹም። ብሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ኣርጋው ቤት-ትምህርቲ እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ መባእታታት ክግለጹ እዮም። ዝስዕቡ ነጥብታት ድማ ክተሓዙ እዮም፥ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Volksschule)፣ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ትምህርትን ዓይነታት ትምህርትን፣ ተወሰኽቲ ናይ ደገፍ ስጉምትታት ከምኡ ድማ ምስ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Volksschule) ዝተኣሳሰሩ ተወሰኽቲ ምልክታታትን ቀረባትን።

ቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ ቤት-ትምህርቶም ከዕወቱ መታን ክኽእሉ ዝሰርሕ ምትሕብባር ኣብ መንጎ ቤት-ትምህርትን ወለድን ክህሉ ኣለዎ፣ እዚ ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ። እዚ ምትሕብባር ናቱ ምዕራፍ ተወፍዩ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ ኩሉ ክፋል ናብ ቀጻልቲ ምልክታታት ብዛዕባ'ቲ ኣርእስቲ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻታት/ሊንክስ ተጠቒሶም ኣለው። ሓበሬታ ብዝተረፈ ኣብ መሕበሪ ፍጻሜታት ንወለዲ ክትወሃቡ ኢኹም። ቆልዓኹም ኣብ መውዓል ህጻናት (Kindergarten) / ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስ ተመደበ እቶም ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ መምሃራንን ምምሕዳራት ቤት-ትምህርትን ክሕግዙኹም እዮም።

ንቆልዓኹም ዕዉት ዝኾነ እዋን ቤት-ትምህርቲ ኣብ ክፍለ-ሃገር ኣርጋው ንምነየሉ/ላ ኢና!

ጨንፈር ትምህርቲ፣ ባህልን ስፖርትን፣ ጨንፈር ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Departement Bildung, Kultur und Sport, Abteilung Volksschule)

ኣርጋው፣ ኣብ ሃጋይ 2021

# ሓፈሻዊ ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ኣርጋው

ኣብ ክፍለ-ሃገር ኣርጋው ግድነታዊ ቤት-ትምህርቲ ዓሰርተሓደ ዓመት እዩ ዝወስድ።

እቶም ቀዳሞት ሸሞንተ ዓመታት ትምህርቲ ኣብ **ክልተ ዓመታት መውዓል ህጻናት (Kindergarten)** ከምኡ'ውን ኣብ **ሽዱሽተ ዓመታት ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ (Primarschule)** ተማቒሎም። ብድሕሪኡ **ሰለስተ ዓመት ዝካይድ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ** (ሰኩንዳር ደረጃ 1 / Sekundarstufe I) ክቕጽል'ዩ። እቲ ላዕለዋይ ደረጃ ኣብ ሰለስተ ዓይነታት ትምህርቲ ተማቒሉ፥ ማእከላይ/ረያል (Realschule)፣ ካልኣይ/ሰኩንዳር ትምህርቲ (Sekundarschule) ከምኡ'ውን ዞባዊ ትምህርቲ (Bezirksschule)። ኣብ ጥቓኣሞ ዋላ ፍልይ ዝበሉ ዓይነታት ትምህርቲ ኣለው፣ ንፍሉይ ኣድላይነት ዘለዎም ቆልዑት እዮም ተኣንፊቶም።

ድሕሪ'ቲ ግድነታዊ እዋን ትምህርቲ እቶም መንእሰያት ብልምዲ ሓደ ሞያ ክመሃሩ ወይ ኣብ ማእከላዊ ቤት-ትምህርቲ (**Mittelschule** (Sekundarstufe II)) ክኸዱ እዮም።

ቀጻሊ ሓበሬታ፥ www.ag.ch/bks




Primarschule: EK: Einschulungsklasse

Spezielle Abschlussklassen: WJ: Werkjahr – BWJ: Berufswahljahr – IBK: Integrations- und Berufsfindungsklasse

Berufsbildungsbereich: EBA: Eidgenössischer Berufsattest – EFZ: Eidgenössisches Fähigkeitszeugnis – BM I: Berufsmaturität

# እቲ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Volksschule) – ቤት-ትምህርቲ ንኩሎም

**ኩሎም ኣብ ክፍለ-ሃገር ኣርጋው ዝነብሩ ቆልዑትን መንእሰያትን፣ ዓሰርተሓደ ዓመት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንክኸዱ መሰልን ግዴታን ኣለዎም። ኩሉ ቆልዓ ንክእለታቱ ብቑዕ ዝኾነ ትምህርቲ ንክቕበል መሰል ኣለዎ። ከከም መንበሪ ቦትኡ ኣብ ንክእለታቱ ዝሰማማዕን ኩነታቱ ዝረኸቦን ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ክሳተፍ እዩ።**

ምስታፍ ኣብ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ነጻ እዩ። መእተዊ ኣብ ግድነታዊ እዋን ትምህርቲ ዕድመ 4 ምስ መልአ ይጅምር። ንተመሃሮ እቲ ሓድሽ ዓመተ ትምህርቲ ኣብ ካልኣይ ሰኑይ ኣብ ወርሒ ሸሞንተ/ ነሓሰ ይጅምር።

መምሃራንን ኪኢላታትን ኩሎም ቆልዑትን መንእሰያትን ከከም ክእለታቶም ንክሕገዙ ይደፋፍኡ እዮም። እቶም መንእሰያት ድሕሪ ግድነታዊ እዋን ትምህርቶም እቲ ዘድሊ ፍልጠትን ክእለትን ንክህልዎም ዕላማ እዩ፣ ቀጻሊ ናይ ትምህርትን ህይወትን መንገዶም መታን ክኸእሉ።

## መደገፊ ቀረባትን ፍሉይ ፓዳጎጊክስን

ንፍሉይ ትምህርታዊ ኣድላይነት ዘለዎም ቆልዑትን መንእሰያትን (ንኣብነት ፍሉያት ተውህቦታት፣ መምሃሪ ጸገማት፣ ጸገማት ኣደብ) እቲ ትምህርቲ ብፍሉያት መደገፊ ቀረባት ክውሰኽ ይከኣል። እቲ ፍሉይ ደገፍ ኣብ ንቡር ትምህርቲ ወይ ብውድብ ክቕረብ እዩ፣ ዋላ ውን ኣብ ፍልይ ዝበሉ ክፍልታት ክፍጸም ይከኣል።

ምግደራ ወይ ስንክልና ዘለዎም ቆልዑትን መንእሰያትን ከከም ኣድላይነቶም ክሕገዙ እዮም (ናይ ፍሉይ ፓዳጎጊክስ ቀረባት)። እቲ ደገፍ ኣብ ንቡር ክፍሊ ወይ ኣብ ንኡሳት ክፍልታት (Kleinklassen) እዩ ዝፍጸም፤ ኣብ ትሕቲ ገሊኦም ኩነታት ኣብ ቤት-ትምህርትታት ፍሉይ ኣድህቦ ክፍጸም እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ፥ www.ag.ch/volksschule

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ፍሉይ ፓዳጎጊክስን ቀረባት ደገፍን፥ www.ag.ch/volksschule > Sonderpädagogik & Förderangebote

## ባህሊ-ሰገራውያን ጉዳያት

እቲ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Volksschule) ኣብ ምውህሃድ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ፣ ቋንቋውን ባህላውን መበቆል ዘለዎም ቆልዑትን መንእሰያትን ዓቢ ኣበርክቶ ይሰርሕ'ዩ። ዝያዳ ርብዒ ተመሃሮ ኣብ ገዝኦም ኣብ ክንዲ ጀርመንኛሲ ካልእ ቋንቋ ይዛረቡ። ፍሉይ ሓገዝ ኣብ ጀርመንኛ ከምኡ'ውን ፍሉያት ቀረባት ንሓድሽቲ ሰፈርቲ ዘድልዮ ኩነታት የዳልዉ፣ እቲ ትምህርታዊ ውህደት ክዕውት ከምኡ ድማ ዝኾነ ቋንቋዊ ጉደሎ ክመልእ መታን ክከኣል።

ንደገፍ ቀዳማይ ቋንቋ ናይ **መበቆላዊ ቋንቋን ባህልን (heimatliche Sprache und Kultur** (HSK)**)** ስልጠናታት ይሕግዙ። እዚኦም ስልጠናታት ካብ ተሰከምቲ ከም ቆንስላታት፣ ኤምባሲታት ወይ ማሕበራት ወለዲ ተቐሪቦም ኣለው።

## ግምገማ፣ ሰርቲፊኬታትን ምስግጋርን

ኣብ መውዓል ህጻናት (Kindergarten) እቲ መርገጽ ምዕባለ ብሓደ መገምገሚ ቅጥዒ ክተሓዝ እዩ። ካብ 1ይ ክፍሊ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ (Primarschule) ግምገማ ተመሃሮ ብእዋናዊ ጸብጻብ ኣብ መወዳእታ ቀዳማይ መንፈቕ ክፍጸም እዩ ከምኡ'ውን ብጸብጻብ ትምህርቲ (1ይ ክፍሊ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ) ወይ ብዓመታዊ ሰርቲፊኬት ምስ ነጥብታት (ካብ 2ይ ክፍሊ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ) ኣብ መወዳእታ ዓመተ ትምህርቲ። ከም መሰረት ነቲ ግምገማ ሓደ ናይ ግምገማ ኣገደስቲ ስራሓት ዝሕዝ መዝገብ ይሕግዝ እዩ። ምሕላፍ ናብ ዝመጽእ ዘሎ ክፍሊ (ፕሮሞትስዮን) ካብ ኣብ ዓመታዊ ሰርቲፊኬት ዘለው ነጥብታት ይምርኮስ እዩ። ምስጋር ናብ ማእከላይ(Real-)፣ ካልኣይ(Sekundar-) ወይ ዞባዊ ቤት-ትምህርቲ(Bezirksschule) ብመሰረት ለበዋ ብመምሃር ክላስ እዩ ዝፍጸም። እዚ መምህር እቲ እዋናዊ ጸብጻብ 6ይ ክፍሊ ወይ እቲ መዝገብ ግምገማ ኣብ ግምት ክኣቱ'ዩ።

ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ባህሊ-ሰገራዊ ጉዳያት፥
www.ag.ch/volksschule > Unterricht & Schulbetrieb > Schule & Interkulturelles
ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ግምገማ / ምስግጋር ከምኡ'ውን መሓበሪ ጽሑፋት ኣብ ዓሰርተሓደ ቋንቋታት፥
www.ag.ch/leistungsbeurteilung-volksschule

# ሓፈሻውያን ሓበሬታታት

## ዕረፍትታት ቤት-ትምህርትን ትምህርቲ ዘይብሎም መዓልታትን

ብዛዕባ ዕረፍትታት ቤት-ትምህርትን ትምህርቲ ዘይብሎም መዓልታትን ዝርከብ ዳታ ካብ ከተማ ናብ ከተማ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል። ዳታ/ሓበሬታ ዕረፍቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት-ትምህርቲ ክረአ ይከኣል።

## ብኩራት

ወለዲ ነቲ/ነታ መምህር ብዝቐልጠፈ ብዛዕባ ብኩራት ትምህርቲ ቆልዓኦም ክሕብርዎ ከምኡ'ውን እቲ ብኩራት ከምኸንዩ ይሕተቱ ኣለው። ምኽንያት ብኩራት ንኣብነት ሕማም፣ ሓደጋ ከምኡ'ውን ካልኦት ዘይተጸበዩ ምኽንያታት ክኾኑ ይኽእሉ (ንኣብነት ሞት ኣብ ስድራ)። ዘይተመኽነየን ብኩራት ኣብ ለዓለዋይ ደረጃ (ዞባውን ካልኣይን ማእከላይን ቤት-ትምህርቲ) (Oberstufe (Bezirks-, Sekundar- und Realschule)) ኣብ እዋናዊ ጸብጻብ ከምኡ ድማ ኣብ ዓመታዊ ሰርቲፊከት ክምዝገብ እዩ።

## ዕርፍቲ

ንምዱባት ዕረፍትታት እቶም ወለዲ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ኣቐዲሞም ብጽሑፍ ፍቓድ ክጠልቡ ኣለዎም። ምኽንያታት ዕረፍቲ ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ፥ ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ኣገደስቲ ስፖርታውያን ፍጻሜታት፣ ልዑላት ሃይማኖታውያን በዓላት፣ መፈተኒ ትምህርትታት ወይ ዚኣመሳሰለ።

## ናይ ቤት-ትምህርቲ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ክንክን ስንን

እቶም ሓኻይም ቤት-ትምህርቲ ናይ ክፍለ-ሃገር ኣርጋው ን ቤት-ትምህርትታት ኣብ ደገፍ ጥዕናን ከምኡ'ውን ኣብ ክልከላ ይሕግዝዎም እዮም። እቶም ሕክምናውያን ከልከልቲ መርመራታት ኣብ ዕድመ መውዓል ህጻናትን ንእሰነትን ነቲ ኣገልግሎት መከላኸሊ ጥዕና የገልግሉ እዮም። ብልምዲ ኣብ ነፍሲወከፍ ዘቤታዊ ሓኪም ወይ ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ ቆልዑት ሓኪም ክፍጸሙ እዮም።

ነቲ ዓመታዊ ቍጽጽር ስኒ እቶም ተመሃሮ ሓደ ፓስፖርት መቈጻጸሪ ስኒ (ጥራዝ ኩፖን) ክወሃቡ እዮም። ብዝተረፈ ናይ ክንክን ስኒ ኪኢላታት ንክፍልታት ካብ 1ይ መውዓል ህጻናት (Kindergarten) ክሳብ 6ይ ክፍሊ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ (Primarschule) ይበጽሑ እዮም። እቶም ቆልዑት ኣስናን ከመይ ጌሮም ብቅኑዕ ከጽርዩ ከምኡ'ውን ብኸመይ ጥዕና ዘለዎ መግቢ ክምግቡ ከምዝግብኡ ክመሃሩ እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣርእስቲ ትምህርትን ግስጋሰን ኣብ ኣርጋው ኣብ ዓሰርተሓደ ቛንቛታት ተተርጊሙ፥ www.hallo-aargau.ch

## ምምሕዳራት ትምህርቲ

ኣብ ክፍለ-ሃገር ኣርጋው እቲ ጨንፈር ትምህርቲ፣ ባህልን ስፖርትን (Departement Bildung, Kultur und Sport) ንጉዳያት ትምህርትን ግስጋስን ተሓታቲ እዩ።

ንመራሕነት ቤት-ትምህርቲ ኣብ ኩሉ ከተማ እቲ ዋዕላ ከተማ (Gemeinderat) ከምኡ'ውን ምሕደራ ቤት-ትምህርቲ ተሓተትቲ እዮም።

## ደገፍን ኣገልግሎት ምኽርን

ተመሃሮ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Volksschule) ከምኡ'ውን ወለዶም ዝተፈላለዩ ናይ ደገፍን ኣገልግሎት ምኽርን ቀረባት ብነጻ ክረኽቡ ይኽእሉ፥

**ናይ ትምህርቲ ኣእምሮኣዊ ኣገልግሎት (Schulpsychologischer Dienst)**
እቲ ናይ ትምህርቲ ኣእምሮኣዊ ኣገልግሎት ክፍለሃገራዊ ሞያዊ ጨንፈር ንቆልዑትን መንእሰያትን እዩ። ካብ ዕድመ መውዓል ህጻናት ክሳብ መወዳእታ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ይካይድ እዩ። ፍሉይ ናይ ምምሃርን ዓቕምን ኩነታት ከምኡ'ውን ኣብ መውዓል ህጻናት ወይ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝረኣዩ ኣእምሮኣውያን ወይ ማሕበራውያን ጸገማት፣ ናይ ምምዛጋብ ምኽንያታት ክኾኑ ይኽእሉ።

**ሓለዋ ቤት-ትምህርቲ (Schulaufsicht)**
ወለዲ ኣብ ቤት-ትምህርታውያን ጉዳያት ንሓለዋ ቤት-ትምህርቲ ክውክሱ ይኽእሉ። ሽዑ እቶም ወለዲ ኣብኡ ክስማዑ እዮም፣ ጉዳያት ክጻረዩ ከምኡ'ውን ሓገዝ ብሓበሬታ ክቐረብ እዩ፣ እዚ ሓበሬታ ካብ ቅድሚኡ ዝተፈጸመ ምምካር ክምርኮስ ይኽእል። ሽዑ ቀጥታዊ ዝርርብ ኣብ መንጎ ወለድን ቤት-ትምህርትን ተኻይዱ ከምዝኾነ ክረጋገጽ እዩ (ረአ ኣብ "Schule und Eltern" > "Zuständigkeiten").

**ማሕበራዊ ስራሕ ትምህርቲ (Schulsozialarbeit)**
ኣብ ብዙሓት ቤት-ትምህርትታት ቀረብ ማሕበራዊ ስራሕ ትምህርቲ ይርከብ እዩ። እዚ ንተመሃሮ ኩሎም ደረጃታት ትምህርቲ እዩ ዝእንፍት፣ ንወለዲ፣ ንመምሃራን ከምኡ ድማ ንቤት-ትምህርቲ ብምልኡ። ማሕበራዊ ስራሕ ትምህርቲ ንቆልዑትን መንእሰያትን ናብ ብጾሓት ሰባት ክዓብዩ እንክለው የሰንዮም እዩ።

**ምምካር ሞያ**
እቶም ኣገልግሎታት ምኽሪ ንኣውስቢልዱንግ(ሞያዊ ትምህርቲ)ን ሞያን (ask!) ኣብ ኩሎም ጉዳያት መእተዊ ሞያ፣ ሞያዊ መንገዲ ከምኡ'ውን ቀጻሊ ትምህርቲ፣ ኣገልግሎት ምኽሪ ይህቡ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣርእስቲ ትምህርትን ግስጋስን ኣብ ኣርጋው ኣብ ዓሰርተሓደ ቋንቋታት ተተርጊሙ፥ www.hallo-aargau.ch
ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓገዝን ኣገልግሎት ምኽርን፥ www.ag.ch/volksschule > Unterstützung & Beratung

# ቤት-ትምህርትን ወለድን

**ጽሁቕ ምትሕብባር ኣብ መንጎ ቤት-ትምህርትን ገዛ ወለድን ኣገዳሲ ረቋሒ ንዓወት ትምህርቲ ቆልዑትን መንእሰያትን እዩ።**

## ሓላፍነት

ኣብ ትምህርታውያን ጉዳያት ወይ ሓበሬታታት እቶም ወለዲ ንመምህር ቆልዓኦም ከምኡ'ውን ንምሕደራ ቤት-ትምህርቲ ክውከሱ ይኽእሉ።

## ምትሕብባር

**ዝተደጋገመ ሓበሬታ ብቤት-ትምህርቲ**
እቲ ቤት-ትምህርቲ ንወለዲ ብዛዕባ ኣከያይዳ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ስራሓት ቆልዓኦም ኩሉ ግዜ ብዝተደጋገሚ ክሕብሮም ግዴታ ኣለዎ። ብዛዕባኡ ዝርርባት ወለዲ፣ ኣኼባታት ወለዲ ከምኡ'ውን መሕበሪ ፍጻሜታት ክካየዱ እዮም።

**ዕማማትን መሰላትን ወለዲ**
እቶም ወለዲ ቆልዓኦም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ንክኸይድ ከምኡ'ውን ብእዋንን ብእኹል ድቃስን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ንክመጽእ ተሓተትቲ እዮም። ወለዲ ንትምህርቲ/ኣስተምህሮ ቆልዓኦም ክበጽሑ መሰል ኣለዎም። ዕድመታት ካብቲ ዋዕላ ከተማ (Gemeinderat) ወይ ካብ ቤት-ትምህርቲ (ምምሕዳር ቤት-ትምህርቲ፣ መምሃራን) ናብ ኣኼባታት ወለዲ ክኽበሩ ኣለዎም።

ቅድሚ ኣገደስቲ ውሳነታት እቶም ወለዲ ዝምልከቶ ሰነዳት ክርእዩን ክሰምዑን መሰል ኣለዎም። እቲ ደምዳሚ ውሳነ ነቶም ወለዲ ካብቲ ዋዕላ ከተማ (Gemeinderat) ወይ ካብቲ ሽማግለ ቤት-ትምህርቲ ብጽሑፍ ከምኡ ድማ ብምኽንያት ክሕበረሎም ኣለዎ። እቶም ወለዲ ምስቲ ውሳነ እንድሕር ዘይተሰማሚዖም ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ቅድሚ ዋዕላ ዞባዊ ቤት-ትምህርቲ (Bezirksschulrat) ጥርዓን ከቕርቡ ኣማራጺ ኣለዎም። ኣብነታት ኣገደስቲ ውሳነታት ምስ መሰል ስምዓትን ጥርዓንን ዝሰዕቡ እዮም፧

- ♣ መእተዊ ናብ 1ይ ክፍሊ ምባእታዊ ቤት-ትምህርቲ (Primarschule)
- ♣ ምምዳብ ኣብ ፍወሳዊ ስጉምትታት፣ ናብ መእተዊ ክፍሊ (Einschulungsklasse) ወይ ንኡስ ክፍሊ (Kleinklasse)
- ♣ ምስግጋር ናብ ላዕለዋይ ደረጃ (Oberstufe)
- ♣ መዓርግ/ፕሮሞስዮን፣ ቅያር ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ላዕለዋይ ደረጃ (Oberstufe)
- ♣ ምምዳብ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክብድ ዝበሉ ጉዳያት

ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ቤት-ትምህርትን ወለድን፥ www.ag.ch/volksschule> Schule & Eltern
ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ዋዕላታት ዞባዊ ቤት-ትምህርቲ፥
www.ag.ch/bks > Über uns > Organisation > Vertretungen & Kommissionen > Bildung > Schulräte der Bezirke

# መውዓል ሕጻናት (Kindergarten)

**እቲ መውዓል ህጻናት ዳርጋ ክልተ ዓመት ይጸንሕ። እቶም ክሳብ 31 ሓምለ ኣርባዕተ ዓመት ዝገበሩ ቆልዑት ኣብ መጀመርታ ዝመጽእ ዘሎ ዓመተ ትምህርቲ ኣብ መውዓል ህጻናት ክኣትዉ እዮም።**

ምስታፍ ኣብ መውዓል ህጻናት ነቶም ቆልዑት ኣብ ምሉእ ምዕባለኦም ይሕግዞም። እቶም ቆልዑት ኣብ መውዓል ህጻናት ኣብ ሓድሽ ዝኾነ ሃዋህዉ ተገዳስነቶምን ተውህቦኦምን ንክምዕብሉ ኣማራጺ ክወሃቡ እዮም። እቲ ምምሃር ብጸወታ እዩ ዝፍጸም ከምኡ ድማ መሰረት ንምስሳን ቋንቋዊ፣ ማተማቲካዊ፣ ሞቶራዊ፣ ማሕበራዊ ከምኡ'ውን ስምዒታዊ ክእለታት ኣብ ቤት-ትምህርቲ ክኸውን እዩ።

ኣብ ምንባብን ምጽሓፍን ምቅማርን ተገዳስነት ዘለዎም ቆልዑት ክሕገዙ እዮም። ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ምቅማርን ስርዓታዊ ወይ ምዱብ ትምህርቲ ኣይክካየድን እዩ። ኣብ ፍልይ ዝበለ ተውህቦ ሓደ ቆልዓ ንግዚኡ ኣብ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ (Primarschule) ክሰጋገር ይኽእል።

ትምህርታዊ ቋንቋ ኣብ መውዓል ህጻናት ኩሉ ግዜ ከከም ኣደማምጻ እዩ ዝካይድ። ኣብ ገዛ ጀርመንኛ ዘይዛረቡ ቆልዑት ኣብ መውዓል ህጻናት ጀርመንኛ ክመሃሩ ከለው ክሕገዙ እዮም።

ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መውዓል ህጻናት፥ www.ag.ch/schulstufen > Kindergarten
ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ ትምህርቲ፥ www.ag.ch/lehrplan

# ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ (Primarschule)

**እቲ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ እዩ ዝጸንሕ። ካብ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ንየው ቀንዲ ቋንቋ ትምህርቲ ጀርመንኛ እዩ።**

ኣብቶም ቀዳሞት ዓመታት ትምህርቲ ክእለታት ኣብ ምንባብን ምጽሓፍን ማተማቲክን/ምምቃርን ባዕዳውያን ቋንቋታትን ክመሃሩ እዮም። ናይ ተፈጥሮኣዊ ስነፍልጠት፣ ማሕበራዊ፣ ታሪኻዊ፣ ባህላዊ ከምኡ ድማ ናይ ቍጠባዊ ኣርእስትታት ከከም ዕድመ ክመሃሩ እዮም። ዋላ ሙዚቃ፣ ጥበብ ከምኡ'ውን ተንቀሳቓሽነትን ስፖርትን ጭቡጥ ኣካላት ትምህርቲ እዮም።

ኣገዳሲ ዕላማ ናይ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ምዕባለ ርእሰ-ምኽኣል፣ ነፍሰ ተሓታትነት ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ምምሃር እዩ። ኣብቲ ትምህርቲ እቶም ዝተፈላለዩ መምሃሪ ክእለታትን ኣድላይነታትን ናይ ተመሃሮ ኣብ ግምት ክኣትዉ እዮም። እቲ ምምሃር ኣብ ክፍሊ ህዋሳት ማሕበራዊ ምትሕብባር ይምዕብል ከምኡ'ውን ባህሪ ቆልዓ የደልድል እዩ።

ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ሞባእታዊ ቤት-ትምህርቲ፥ www.ag.ch/schulstufen > Primarschule
ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ ትምህርቲ፥ www.ag.ch/lehrplan

# ላዕለዋይ ደረጃ (Oberstufe)

**እቲ ላዕለዋይ ደረጃ (Sekundarstufe I) ኣብ ሰለስተ ዓይነታት ትምህርቲ ተማቒሉ፥ ማእከላይ/ረያል (Realschule)፣ ካልኣይ/ሰኩንዳር ትምህርቲ (Sekundarschule) ከምኡ'ውን ዞባዊ ትምህርቲ (Bezirksschule)። ብዝተፈላለየ ናይ ክብደት ደረጃታት ተመሃሮ ይፍለዩ እዮም። ኩሎም ሰለስተ ዓይነታት ሰለስተ ዓመት ይጸንሑ።**

## ማእከላይ ቤት-ትምህርቲ (Realschule)

ማእከላይ ቤት-ትምህርቲ ረያል መሰረታዊ ደረጃ ክብደት ዘለዎ ዓይነት ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ እዩ። እቶም ተመሃሮ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ረያል ሰፊሕ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ከምኡ'ውን መሰረታት ሞያዊ ትምህርቲ ከመሃሩ እዮም። ድሕሪ ቤት-ትምህርቲ ረያል እቶም ዝበዝሑ መንእሰያት ናይ ጥበብ ወይ ናይ ኢንዱስትሪ ሞያ ወይ ኣብ ዓውዲ ጥዕናን ማሕበራዊ ጉዳያትን ዘሎ ሞያ እዮም ዝመሃሩ። ጽቡቕ ውጽኢታት ኣብቲ ትምህርቲ ሞያ ከምኡ'ውን ኣብቲ ሞያዊ ቤት-ትምህርቲ እንተ ኣውጺኦም እቶም መንእሰያት ብዙሓት ናይ ቀጻሊ ትምህርቲ ቀረባት ከምኡ'ውን ናይ ምድያብ ዕድላት ኣብ ዓለም ስራሕ ክህልዎም።

## ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (Sekundarschule)

እቲ ካልኣይ ቤት-ትምህርቲ ገስጋሲ ክብደት ዘለዎ ዓይነት ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ እዩ። እቲ ካልኣይ ቤት-ትምህርቲ ሰፊሕ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ይህብ እዩ ከምኡ'ውን ኩነታት ንምዕቡል ሞያዊ ትምህርቲ የዳሉ። ገሊኦም ተመሃሮ ድሕሪ ካልኣይ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ፍሉይ መዳይ (Fachmittelschule)፣ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ቍጠባ (Wirtschaftsmittelschule) ወይ ነቲ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኮምፒዩተር (Informatikmittelschule) ይበጽሑ እዮም።

## ዞባዊ ቤት-ትምህርቲ (Bezirksschule)

እቲ ዞባዊ ቤት-ትምህርቲ ላዕለዋይ/ብርቱዕ ክብደት ዘለዎ ዓይነት ቤት-ትምህርቲ እዩ። ንዝስዕብ ዓይነት ትምህርቲ የዳሉ'ዩ፥ ምዕቡል ትምህርቲ ሞያ ዋላ ውን ምስታፍ ኣብ ማእከላይ ቤት-ትምህርቲ (Mittelschule (ጊምናዝዩም(Gymnasium) / ቤት-ትምህርቲ ፍሉይ መዳይ(Fachmittelschule) / ቤት-ትምህርቲ ቍጠባ (Wirtschaftsmittelschule) / ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኮምፒዩተር (Informatikmittelschule)))። ዳርጋ ፍርቂ ካብቶም መንእሰያት ድሕሪ መፈጸምታ ዞባዊ ቤት-ትምህርቲ ትምህርቲ ሞያ ኣብ በዓል ጥበብ፣ ኢንዱስትሪ ወይ ኣገልግሎት ይጅምሩ እዮም። እቶም ዝተረፉ ኣብ ማእኸላይ ቤት-ትምህርቲ ክቕጽሉ'ዮም።

## ፍሉያት መዘዝሚ ክፍልታት

ነቲ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ፍሉያት መዛዝሚ ክፍልታት ኣለው፣ እዚኦም ጥራይ ኣብ ውሑዳት ቦታታት ወይ ኣብ ውሑዳት ከተማታት ክካየዱ እዮም። ኣብ እዚኣቶም ክፍልታት እቶም መንእሰያት ብሰፊሕ ኣብ ምስግጋር ናብ ዓለም ስራሕ ክሕገዙ እዮም። እቶም ዝስዕቡ እዮም፥

- ዓመት ምርጫ ሞያ (Berufswahljahr)
- ዓመት ዕዮ (Werkjahr)
- ክፍሊ ውህደትን ምርካብ ሞያን (Integrations- und Berufsfindungsklasse)

ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ፥ www.ag.ch/schulstufen > Oberstufe
ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ መደብ ትምህርቲ፥ www.ag.ch/lehrplan

# ድሕሪ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ (Volksschule)

**ድሕሪ'ቲ ግድነታዊ እዋን ትምህርቲ እቶም ዝበዝሑ መንእሰያት ሞያዊ ትምህርቲ ወይ ቀጻሊ ትምህርቲ ክቕጽሉ እዮም።**

## ትምህርቲ ሞያ

መሰረታዊ ትምህርቲ ሞያ **(berufliche Grundbildung)** ቀንዲ ኣገዳሲ ትምህርቲ ሞያ ኣብ ስዊዘርላንድ እዩ። ንቶም መንእሰያት መእተዊ ናብ ዓለም ስራሕ ህይቦም እዩ ከምኡ'ውን ጭቡጥ ዝኾነ ሞያዊ መሰረት ይመሓላለፍ። ኣብ መንጎ ተግባራዊ ትምህርቲ ኣብ ሓደ ትካል እቶም ተመሃሮ ሞያ ሓንሳዕ ወይ ክልተ መዓልታት ኣብ ሰሙን ኣብ ሓደ ናይ ኪኢላ ሞያዊ ቤት-ትምህርቲ (Berufsfachschule) ይኸዱ'ዮም። እቲ ኣውስቢልዱንግ ከከም ሞያ ትምህርቲ ዳርጋ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ይወስድ፥ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት ዝወስድ መሰረታዊ ትምህርቲ ሞያ ክሳብ ፈደራላዊ ናይ ክእለት ሰርቲፊኬት EFZ (eidgenössischen Fähigkeitszeugnis EFZ) ይበጽሕ'ዩ፣ ክልተ ዓመት ዝወስድ መሰረታዊ ትምህርቲ ሞያ ክሳብ ፈደራላዊ መረጋገጺ ሞያ (eidgenössischen Berufsattest EBA) ይበጽሕ'ዩ።

ዝተዛዘመ ትምህርቲ ሞያ ድሓር ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ብቀጻሊ ክትዕወት መታን ክትክእል ኣገዳሲ ዝኾነ ኣድላይነት እዩ። ብዙሓት ዕድላት ስራሕ ይኸፍተልካ ከምኡ'ውን ማረኸቲ ኣማራጺታት ቀጻሊ ትምህርቲ ይህብ።

እቶም ሞያ ትምህርቲ ዝገብሩ ዘለው ተውህቦ ዘለዎምን ንክጽንዑ ድሌት ዘለዎምን መንእሰያት ካብቲ ግድነታዊ ትምህርቲሲ ተወሳኺ ኣስተምህሮ ኣብቲ ቤት-ትምህርቲ ፍሉይ ሞያ ክበጽሑ ይኽእሉ፣ ሽዑ ሞያዊ ትምህርቶም **ብመዓርግ ሞያ (Berufsmaturität)** ክዛዘሙ ይኽእሉ። መእተዊ ናብ መጽናዕቲ ዩኒቨርስቲ ኣብ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ (Fachhochschule) የፍቅድ።

## ማእከላይ ቤት-ትምህርትታት (Mittelschulen)

ማእከላይ ቤት-ትምህርትታት ዝቕጽሉ ቤት-ትምህርትታት እዮም ድሕሪ እቶም ዓሰርተሓደ ግድነታውያን ዓመታት ትምህርቲ። ከከም ዓይነት ትምህርቲ ክሳብ ዝተፈላለዩ መዓርጋት ይበጽሑ ከምኡ'ውን መእተዊ ናብ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርትታት ፍሉይ መዳይ (höhere Fachschulen)፣ ኮለጃት (Fachhochschulen) ወይ ዩኒቨርስቲታት(Universitäten) የፍቅዱ።

እቶም ዝስዕቡ ማእከላይ ቤት-ትምህርትታት ኣብ ክፍለ-ሃገር ኣርጋው ክብጻሑ ይከኣሉ፥

- ♣ ጊምናዝዩም (Gymnasium)
- ♣ ቤት-ትምህርቲ ፍሉይ መዳይ (Fachmittelschule)
- ♣ ቤት-ትምህርቲ ቍጠባ (Wirtschaftsmittelschule)
- ♣ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኮምፕዩተር (Informatikmittelschule)

ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ ሞያ፥ www.ag.ch/berufsbildung > Lehre
ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ'ቶም ማእከላይ ቤት-ትምህርትታት ከምኡ'ውን ብዛዕባ'ቶም መቐበሊ ኩነታት፥ www.ag.ch/mittelschulen

**ጨንፈር**
**ትምህርቲ፣ ባህልን ስፖርትን**

ክፍሊ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ
Bachstrasse 15
5001 Aarau

ጥሪ 2022